# ናይ ሓልዮት ቁዱስ ተበጉሶ
# እወ ንኽብር ባህልና የሔድሶ

ዝኸበርኩም/ክን ኩብራት ኤርትራውያን ብቀዳምነት ራህዋን ሰላምን ቅሳነትን ኣባኹም ይዕሰል!!! ብምቕጻል ኣብ መስከረም ዳት ነት ብሓልዮት ግዱሳት ዜጋታትና ናይ ኣካለ ስንኩላትና ሓገዝ ዝዋጻእ ዘሎ ነውሰከፍ አርትራዊ/ዊት ነዚ ተበጉሶ እዚ ዘየሞጎሰን ዘይ ነኣደን ኣሎ ኢለ ኣይ ኣምንን፤ ምኽንያቱ እዞም ጀጋኑ ኣካለ ስንኩላን ምእንቲ ህዝብናን ሃገርናን ኢሎም ፍርቂ ኣካሎም ዝሰንከሉ ሓገዝ ጥራሕ ኣይኮነን ዝግቦኦም ነይሩ። ሕማቕ ዕድል ኣጋጢሙና እምበር ጻማ ስንክልኖኦምስ ነውሰከፍ ብዓል ሕልና እስሕቶ ኢለ ኣይ ግምትን።

**ኣብዚ ከተንብሆ ዝደሊ ኣብ ርእሲኦም ዝወረደ ስንክልና ናብሮኦም ከማሓይሹ ኢሎም ኣብ ናይ ስራሕ ካምፓኒ ኣይ ኮኑን ሰንኪሎም፤** ዝሰንከሉሉ ምኽንያት ንናጽነት ሃገርናን፣ንሓርነት ህዝብናን፣ ንዲሞክራስያዊ ስርዓትን ቆራጽነት ዝተቓለሱ ሓርበኛታትና ንመግቦም ዝበልዕዎ ክስእኑ እሞ ኽኣ መቓልስቶም ምስኦም ዝነበርና ብሂወት ከለና ሰብ ኣብራኽ ኈና ኣብ ወጻኢ ሃገራት እና ሰራሕና ካብቲ ለዋህ ህዝብና እንዶ ኣይኮናን ተፈጢርና ለዋህ ህዝብና ክምስል ከሎ ሰብ ቀደመ ኣይንጣለም ግዜ ከይ ጠለመ ይብሉ።ቆፎ ኣካለ ስንክላትና ብኸሉ ኩርናዓት ኣመርካን ኤሮፓን ኢደኢድና ንምላኣያ ነዛ ዓለም ንኽሶያይ ኢና ስለዚ ንብጾትና ንዘክር ሓደራ ምስ ሰናይ ኣኽብርት።

እዞም ክቡራት ውጉኣት ሓርነት  
ንሓገዞም ኣይ ንርኣዮ ሽለልትነት  
ኣካሎም ዝኸፈሉላ ዘይ ራኣዩ ናጻነት  
ድርብ ወጽዓ'ዩ ዘይ ጉቦኦም ቡኡነት

ማዕረቲ ዝኸፈልዎ ፍርቒ ኣካላቶም  
ክዕወት ነይርዎ ቁድስ መትላቶም  
ብኣንጽሩ ኮይኑ ተራእዩ ጥልመቶም  
ሃሰስ ካብ ጅብና ወስ በቶም ብጾቶም

እቲ ስርዓት ኣስመራ ካብ ጠለመ  
ኑዑ ብጾትና ንምርዳእ ንቃዳደመ  
ንርዳእ ንመድሃኒት ነቲ ዝሓመመ  
ንቕልጥፍ ንዕንግሎ ንመግቢ ዝተጸገመ

ካብ ተፈጢርና ካብዚ ሩህሩህ ህዝቢ  
ሓገዝ ክባሃል ፈጺሙ የልን ካብዚ ዝዓቢ  
ሰናይ ተግባርዩ ቁቡል ብኣምላኽ ብረቢ

ኲላትና ዝዓቕምና ክንሕግዝ ይሃበና ልቢ

**ፉሉይ ምስጋና** በቲ ንውጉኣት ሓርነት ሓገዝ ተባሂሉ ተበጊሶ ተወሲዱ ዘሎ ነቶም ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝዋሱ ዘለዉ ዜጋታትና ዝላዓለ ክብሪ ተዓደሉ።እቲ ዘሔጉስ ድማ ጸብጻብ ዝኸፈሉ ምስ ብዝሒ ጥረ $ ገንዘብ ኣስማት እና ዘረርካ ጠቕላላ ድምር ኣታዊ ክሳብ ሕጂ እና ተባህለ ምቕጻሉ ብጠርጠራ ዘይብሉ ጽፉፍ ስራሕ ከይ ኣመስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን።

ኣብ መደምደምታ እቲ ጸብጻብኩም ድማ ክትህብዎም ከለኹም ተቐቢልና ጥቕላላ ክንድዚ ገንዘብ ዝብል ቃል ካብ ውጉኣት ሓርነት ብቭድዮ ኣብ ውብሳይድ ኩሉ ህዝቢ ክሰምዕን ክሪኢን ንስራሕኩም ድማ ተውሳኺ ጽፈት ኣጸቢቑ ክህብ ምእንቲ ንመጻኢ እውን ከምዚታት ክግበር ከሎ ኣዝዩ ኣድማዒ ክኸውን ምእንቲ ኣብ ግምት የእትውዎ። ንተበጊሶኹም ድማ ሙሉእ ዓወት እምነየልኩም።

ውጉኣት ሓርነት ናይ ሕልና እቕረ በሉልና
ጠሊምና ክሳብ ሕጂ ሓገዝ ስለ ዘይ ገበርና
ሕጂ ግና እነና ተባራቢርና ሳላ ግዱሳት ዜጋታትና

ካብ ገብሪሂወት (ኣቡዓሸራ)